# Voice of Liberty News
## ድምጺ ሓርነት
16 ግንቦት 2004

## ኣቶ ጀርማኖ ናቲ መን'ዩ?

ተጋዳላይ ጀርማኖ ኣብ 70ታት ብዝነበሮ ርሱን ሃገራዊ ስምዒት ተደሪኹ ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ን1976 ተሰለፈ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ዘድሊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ትምህርቲ ድሕሪ ምቕሳም ኣብ ገድላዊ ዕማማት ተዋፊሩ ብተወፋይነት ዝተቃለሰ ገዲም ተጋዳላይ ኢዩ።

ካብ 1978-1981ዓ.ም ኣብ ክፍሊ ፖለቲካዊ ምንቅቃሕ ትምህርትን ባህልን ኣብ ጨንፈር መጽናዕቲ ተመዲቡ ኣብኡ ንዝካየድ ዝነበረ ንፖለቲካዊ መጽናዕትታት ምድላው ጽሑፋትን ዝምልከት ዕማም ተዋፊሩ ብፍላይ ድማ ብቋንቋ ኩናማ ዝዳሎ ዝነበረ ጽሑፋት ኣብ ምድላው እጃሙን ግቡኡን ብተወፋይነት ዘማልአ ዜጋ ኢዩ። ተጋዳላይ ጀርማኖ ኣብ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ኣከባቢ ትሑት ናይ ትምህርቲ ዕድል እኳ እንተነበረ ድሓን ዕድል ስለ ዘጋጠሞ ኣብ ሰሚናርዮ ብቋንቋ ጥልያን ኢዩ ተማሂሩ፣ ኣብ ሜዳ ዘካይዶ ዝነበረ መጽናዕትታት'ውን ብቋንቋ ጥልያን ኢዩ ነይሩ።

ኣብ 80ታት ዞባ ጋሽ-ባርካ ከባቢ ባረንቱ ሓላፊ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኰይኑ ነቲ ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ድብያታት ጸላኢ እናሰገረ ህዝቢ ኣብ ምውዳብን ምንቃሕን ተዋፊሩ ከም ተራን ሓላፍን ኰይኑ ዝተዋስአ ብልዑል ደረጃ ዝተጋደለ ካድር ኢዩ። ኣብ ከባቢ ባረንቱ ብፍላይ ድማ ዉሉድ ቢሔረ ኵናማ ስለ ዝኾነ ንቛንቋን ባህልን ኵናማ እናኣማዕበለ ምስ'ቶም ዘይፈልጥዎ ድማ እናኣፋለጠ ብዙሕ ጻዕርታት ኣካይዱ፣ ዓቢ ውጽኢት'ውን ኣምጺኡ እዩ። ንቡዙሓት ከአ ተቓሊሱ ከም ዘቃለሰ ኵሉ ዝፈልጦ ተጋዳላይ ዝምስክረሉ ሓቂ'ዩ። ጀርማኖ ንእምነታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ጋሽ-ባርካ ብርቱዕ ጐስጓሳት ብምክያድ ንቡዙሓት ምስ ሰውርኦም ኪተሓጋገዙን ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ከም ዝግደሱን፣ ተርኦም ኣብ ቃልሲ ኸአ ንከዕዝዙን ፍሉይ ተራ ዝነበሮ ጽኑዑን እሙንን ኣብ መትከል-ሰውራ ደው ኢሉ ንዕስራን ሓሙሽተን ዓመታት ዝተገደለ ገዲም ተጋዳላይ ኢዩ።

ተጋዳላይ ጀርማኖ ህዱእን ልዙብ ጠባይ ስለ ዝነበሮ ምስ ህዝቢ ኪረዳዳእ'ውን ጸገም ስለ ዘይነበሮ ኣብ ከባቢ ጋሽ-ባርካ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዝካ ምስ ተቀማጢ'ዚ ህዝቢ ምስ'ቲ ናብ'ቲ ከባቢ ዝመጽእ ገያሺ ህዝቢ፣ ማለት እቶም ንንግዳዊ ጉዳያትን ይኸንን ንናይ ሕርሻን መጓሰን ስርሓት፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሱዳን ንምስጋር ምስ ኩሉ እናተወሃሃደ ዕ ማማት ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር ኣብ ምስላጥን (ምውዳብን ምንቓሕን) ኣብቲ ኣክባቢ ንዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ናይ ጸላኢ ሰልኩታት ንምፍሻልን ምቹእ ባይታ ኣብ ምፍጣር ምስ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ሓለፍቲ እናተረዳድአ ልዑል ተራ ዝተጻወተ መራሒ ኢዩ ነሩ ኢሎም ብጾቱ ይምስክሩሉ።

መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ትሑት ቁጠባዊ ዓቅምን ደረጃ መነባብሮ ብሄር ኩናማ ሓላይን ተገዳሲ እናመሰለ ኤርትራውነት ናይዚ ብሄር ከህስስን ኣብ ዘካየዶ ዝነበረ ቃልሲ ሓያል'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ኵናማ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ጽልእን ቅርሕንትን ንክሕድር ብዙሕ'ዩ ጐስጒሱ፣ "ኣብ ከባቢኹም ሻዕቢያ እንተድአ መጺኣ ከተጥፍኣኩም

እያ” እናበለ ንብዙሓት ካብ'ዚ ብሄር ክምዝጠራጠሩን ክምዝፈርሑን፡ ዝተወለዱላን ዝዓ በዩላን ዓዶም ሓዲጎም ከአ ክም ዝስደዱን ዝጠፍኡን ይገብር ስለዝነበረ ጀርማኖ ነዚ ንምትህድዳእን መንነትን ቅንዕና ሃገራዊ ቃልሲ ክምዝርድኡን ሕሱር ፕሮፖጋንዳ ደርግ ከምዝቃላዕን ዘድሊ ዘበለ ጎስጓስ እናኣካየደ ንብዙሓት ዘረጋግአ ኤርትራውነቶም ኪዕቅቡን ተሪሮም ምስ ሰውርኦም ኪቓለሱን ካብ ዝገበሩ ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ልዕሉ ቦታ ዘሎዎ ተጋዳላይ እዩ።

ጀርማኖ ኣብ ክባቢ ጋሽ-ባርካ ቅድምን ድሕሪ ነጻነት ንነዊሕ ዓመታት ኢዩ ተጋዲሉን ሰሪሑን እቲ ዞባ ዕሙር ናይ ንግድን ማሕረስን ኣከባቢ ብዙሓት ኣውፈርትን ነጋዶን ዝመላለስዎ ዞባ ኪነሱ ኣብ ኣብ ጣዕመ ስጋን ምቾትን ከይኣተወ ክምሓላፍን ነዊሕ ዓ መታት ኣብ'ዚ ዞባ ዝገበረን ነብሱ ኣትሒቱ ንዝተዋህቦ ሓላፍነት ኣብ ምትግባር ዝነየ ዝነበረ መራሒ ኢዩ ኔሩ።

ብ1994ዓ.ም ኣብ ዝተጋብአ 3ይ ውድባዊ ጉባኤ ኣባል ሃገራዊ ባይቶ ማእከላይ ባይቶን ፈጻሚ ቤት-ጽሕፈት ኰይኑ ተመሪጹ። ብድሕሪኡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ሰቲት ድማ ኣመሓዳሪ ኰይኑ ሰሪሑ።

ንዳግመ ህንጻ ሃገር ኣብ'ቲ ንነዊሕ ኣዋን ዝሰርሓሉ ከባቢ ለውጥን ምዕባሌ ከምጽእ ተዳልዩ ዝተበገሰ ኰይኑ ኣብ'ዚ ዞባ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ብተወፋይነት ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ እኳ ኣብ ዘመሓድረሉ ኣከባቢን ከተማ ባረንቱ ኣብ 3ይ ወራር ዝተራእየ ውድቀትን ድካምን ብግብሪ ካብ ዝተዓዘቡ መራሕቲ ሓደ ብምንባሩ ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ዝተራእየ ሕጽረትን ድኻምን ኪእርም ተበጊሱ፡ ጀርማኖ እዚ ድኻም'ዚ ሳዕቤን ናይ ብዘይ ሕገ-መንግስቲ ምስራሕን ተሓታትነት ዘይብሉ ኣሰራርሓን ኢዩ ካብ ዝብል እምነቱ ተበጊሱ ንምእራምን ጠለብ ኣኼባ ንምምላእ ካብ ዝፈረሙ ኣባላት ባይቶ ኰይኑ፡ ምስእቶም ተሪሮም ቃሎም ዘይዓጸፉ 11 ኣባላት ባይቶ ድማ ብ2000 ዓ.ም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክምዝኣቱ ተጌሩ።

ጀርማኖ ህዝብና ዓበይቲ ብድሆታትን ኣደናገርቲ ዕንቅፋታትን የጋጥሙዎ ከም ዝነበሩ ድሕሪ ምዕዛብ ብቅሉዕ ንምስግጋር ስልጣን ናብ ህዝቢ ዝሓተተ ተባዕ ተጋዳላይ ኢዩ። “ሓገግትን ፈጸምትን ኣካላት ግንባርን መንግስትን ብምዱብ ኣኼባታቶም፡ ኣባላት ግንባርን ሓፋሽ ህዝብን ድማ ብናጻን ቅሉዕን መድረኻት ከይካትዑ፡ ከሎ ጌና ኸአ ገምጋማቶም መታን ከይገብሩ፡ ግንባራውን መንግስታውን መሰጋገሪ ቅዋማትን ዉሳኔታትን ባይቶታቶምን ብምጥሓስ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህግደፍ ይዕንቅፍ ስለ ዘሎ እዚ ጸገምዚ ሕጂ ንእለዮ” በለ። ፕረሲደንት ኢስያስ ግን በዚ ኣይተሓጎሰን።

ዝኽበርካ ህዝቢ ኤርትራ ጀርማኖ ሓደ ካብቶም ብጽንዓትን እምነትን ዝተጋደሉን ኣብነት ብምዃን ዝመርሓን ውፍይ መራሒ ኢዩ ነይሩ። ኣብ'ዚ ንነዊሕ እዋን ዝተጋደለሉ ዞባን ህዝብን ካብ 1977 ዓ.ም ኣትሒዙ በብግዜኡ ብፍላይ ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝወረደ ግፍዕ ን ውግእን ምብትታን ስድራቤታትን ክም መራሕን ካድርን ኰይኑ ንልዕሊ 20 ዓመት ዝተከታተለ ምረትን ግፍዒን ዘስተማቀረ፡ ነጻነት ኰይኑ ድማ ድሕሪ ደጊም ምዕባሌን ሰላምን ቅሳነትን ራህዋ ኢዩ ኪመጽእ ኢሉ ዘተስፈወን ዘይሕለሎ ተቓላሳይ ኢዩ ነይሩ። ዘይተጸበዮ ሕማቕን ደግሲ ምብትታንን ጥፍኣትን ኣብ ዝረኣየሉ ክም ኣመሓዳሪ ሓላፍን ነቲ ብኣካል ዝረኣዮን ዝተዋሰኣሉን ኪእርም እንታይ ኢዩ ጠንቂ ውድቐትን ጥፍኣትን ኪብል ኣግቢኡን ድዩ?

ጀርማኖ ህዝቢ ኪጋፋዕ ኪዛናበል ነፍሰ-ጾራት ሓራሳት ቆልዑ ብዝተተኰሰ ጠያይት ኪወድቁ ዝርኣየ ክንዲ ህዝቡ ዝሓመመን ዝተጣበቀ ሎሚ ኣብ ጸልማት ቤት-ማእሰርቲ ህ.ግ.ደ.ፋ'ውያን ኪሳቀ ክሎ ኪንሓተሉን ኪንማጐተሉን ኣይግብኣናን ዲዩ?